# ተመንስ ብምልስላሱ ዕጣቕ ጺድቃናት ምኾነ

ተመንስ ብምልስላሱ ዕጣቕ ጺድቃናት ምኾነ ግብሩ ክፉእን መርዛም ስለ ዝኾነ ግን ደቂ ሰባት ርእሱ ክቕጥቅጥዎ ይነብሩ። ወዲ ሰብ ኣብ ቤተክርስቲያን ዝመጽእ ክጸድቕ ኢሉ እምበር ንኽሓጥእ ኣይጐዓዝን።
ኣብ ቤተክርስቲያን መድሃኔዓለም ፍራንክፉርት ግብሪ ተመን ዝግብሮም ስራሕ ይሁዳ ዝሰርሑ ውልቀሰባት ኣብ ቤተክርስቲያን ካብ ዝቕልቀሉ ሓያሎ ኣዋርሓት ኣቑጺሩ። ንሱ ድማ ህዝበክርስቲያን ዘይመረጸም ባዕሎም ተመራሪጾም መጺኦም ኣባላት ሰበኻ ጉባኤ ኢና ብምባል ንነብሶም ልዕሊ ካህናት ቈጺሩም ንውሉደ ክህነት ከፈራርሁ ይውዕሉ ኣለው። ህዝበክርስቲያን ተኣኪቡ ንሕና ስለ ዘይመረጽናኩም ውረዱ ኢልዎን ንሳቶም ግን ሎሚ ጽባሕ እንዳበሉ ቤተክርስቲያን ንምዕናው ስራሕና ኢሎም ተተሓሒዞሞ። ናይ ቃል ኪዳንን ጥምቀትን ምስክር ወረቐት ካህን ፈሪሙ ክህብ ይግባእ፥ እዚኣቶም ግን ባዕላቶም ፈሪሞም ምስክር ወረቐት ምሃብ ካብ ዝጀምሩ ነዊሕ ኮይኑ። መዓስ እዚ ጥራሕ ቤተክስቲያን መድሃኔዓለም ክስራሕ ካብ ዝበሃል ነዊሕ ዓመት ኮይኑ። ንመስርሒ ዝተኣከበ ገንዘብ ሕልኽልኻት ነይርዎ። ገንዘብ ጠፊኡ ዝብል ሕሜታ ነይሩ፥ ቆንስላዊ ቤትጽሕፈት ፍራንክፉርት ብህዝቢ ዝተኣከበ ገንዘብ ተሰሪቑ ክበሃል እንክሎ ኢዱ ኣጣሚሩ ክዕዘብ ኣይከኣለን። ነቲ ኩነታት ከህድኣን ሓቅነቱ ገረጋግጽ ግብኡን ግዴትኡን ስለ ዝኾነ ምስ’ቶም ዝነበሩ ሰበኻ ጉባኤ ዝከታተል ቅድሚ ክልተ ዓመት ሓደ ሰብ መዚዝሎም። ከም’ቲ ኣድጊ ዝበሎ ብድሕረይ ሳዕሪ ኣይብቍሎ እዚኣቶም ድማ ካብ ቤተክርስቲያን ምስጓጒና ኣይተርፈናን እዩ ዝብል ግምት ስለ ዘለዎም ምስጢር ቤተክርስቲያን ኣሕሊፍካ ንተጻባእቲ ምሃብ ስራሕና ኢሎም ተተሓሒዞሞ። እቲ ቅድሚ ክልተ ዓመት ብቆንስላዊ ቤትጽሕፈት ፍራንክፉርት ዝተጻሕፈ፥ ካብ ፋይል ኣውጺኦም ናብ ኣሰና ዘርጊሖሞ። ናይ ቤተክርስቲያን ፋይል ካብ ቤተክርስቲያን ኣውጺካ ምሃብ ስርቅን ወንጀልን ምዃኑ ዝረስዕዎ ይመስለኒ። ኣቦታትና ክምስሉ እንክለው ናይ ቀጠፍጠፍ ኣመል ዘለዎ ሰብ ካብ ዓሌቱ ምእንቲ ክጸንት ገንዘብ ቤተክርስቲያን ኣትሕዞ ይብሉ። ኣብ ሃገርና ብንብረት ኣምላኽ ዝተቈማጥዑ ካብ ዓሌቶም ዝጸንቱ ኣይተሳእኑን። እዚኣቶም ድማ ውዒሉ ሓደሩ ፍድኡ ብኣምላኽ ክረኽብዎ ምዃኖም ብሩህ እዩ። ኣነዋሪ ተግባራቶም እዚ ጥራህ ኣይኮነን ኣብ ፍራንክፉርትን ከባቢኡን ዝነብር ኤርትራዊ ኦርቶዶክስ ኲሉ ኣባል ክኸውን ናይ ዅላትና ድሌትን ባህግን እዩ፥ እንተኾነ ግን እዞም ውሉደ ኣትማን ዝኾኑ ውልቀሰባት ብሓሸሽን ሽጋራን መስተን ዝጠስጠሱ ሰባት ፎርም ናይ ቤተክርስቲያን ሒዞም ንዑ ኣብዚ ምልኡ ዕለት 17.03.2012 ምርጫ ኣሎ መጺኩም ሓግዙና ምናልባት ሰባት እንተ ተቓወምኹም ኣባላት እዮም ኢልና ክንማጐተልኩም ኢና እንዳበሉ ንዘይረብሑ ሰባት ናይ ኣባልነት ፎርም ዘምልእዎም ካብ ዓይኒ ብዙሓት ዝተኸወለ ኣይኮነን እዚ ኲሉ እንታይ ኣምጽኡ፥ ሓልዮት ቤተክርስቲያን ድዩስ ወይስ ንጥፋኣት ቤተክርስቲያን ኲልና ምእመና ስለ ንፈልጦ ወይልኹም ንብሎም። ሃይማኖትና ኣብ 451 ዓ/ም ብልዮን ኮምኡ ኣብ 15 ክፍለ ዘመን ብመሓመድ ግራይ ኣይጠፍአ። እቲ ትሓልምዎ ዘሎኹም ኮንቱ ሕልሚ ምኻኑ ደጊምና ንሕብረኩም።
እታ ተሪፋትኩም ዘላ ነታ ታቦት ኣውጺእኩም ኣብ ኢንተርነት ምዝርጋሕ ኣዩ ኣብ ጥቕኣ ምስ ቀረብኩም ብሓዊ ክትልብለቡ ምዃንኩም ኣይትስሓትዎ። ደቂ ሰባት እዮም ዝናወጹ እምበር ቤተክርስቲያን ኣይትናወጽን እያ። ጸላእቲ ህዝቢ ኤርትራ ብሹሉ መእተዊ ስለ ዝሰኣኑ እንኮ ክኣትው ኢሎም ዝሃቀንዎ ብሃይማኖት ኣምሲሎም ኣትዮም ፋሕ ብትን ንምእታው ሳዕልንን ታሕትን ክብሉ ጸኒሖም። ሃይማኖትና ግብረ ዲያብሎስ ተሰኪሞም ንዝመጹ ኣፍደጊኡ ዓጽዩ ከምዘሎ ዋላ እንተኳሕኲሑ ከምዘይ ከፍቶም ኮታ ከም ኣርዮስ ኣብ ኣፍደገ ተተርቲሮም ክዓርቡ ምዃኖም ደጊምና ነረጋግጸሎም። ተግባራትኩም ብዙሕኳ እንተኾነ ንሎሚ ግን ኣብዚ ይኣካል።

ጳውሎስ
ካብ ፍራንክፉርት